# ሕሶት ሓቒ ክኾን ኣይኽእልን

ካብ ተስፋይ ኣስገዶም
ላስቬጋስ ኔቫዳ!

ሰነ 1999 ዓ/ም ብናይ ኢትዮጵያ መንግስቲ ተለቭዥንን ረድዮ ጣብያን ክዝረበሎም ካብ ኣሜሪካ ኒ ኢትዮጵያ ጽሒፎም ዘሕለፉ ግለ ሰባት ዋላኼ ናብ ስልጣን ዘደይብ ዓቕሚ ኣያህልዎም እምበር ብናይ ሕሶት ጽሑፍ ዝጸላእናዮ ሰብ ኣወንጅልና ብኢትዮጵያ መንግስቲ ተቐባልነት ረኺብና ከብድና እንዕንገለሉ መገዲ ዶኾን ንረክብ ንኸውን ብዝብል እምነት እሕዲሮም ብናይ ኢትዮጵያ መንግስታዊ ዜና ማዕኸናት ናይ ሕሶት ደብዳቤ ክእወጀሎም ናብ ኣብ ኢትዮጵያ ውሽጢ ዝርከብ ብሽም ኢድህ ድርጅት ዝሽቅጥ ውልቃዊ ሓይሊ ናይ ሕሶት ደብዳቤ ጽሒፎም ዘሕለፉ ሰባት

1. ኣይተ ፍጹም ኣለማዮ
2. ኣይተ ድምጹ ሃይለስላሴ
3. ኣይተ ኣብርሃ ገ/መስቀል
4. ኣይተ ማሙ ገ/መድህን
5. ኣይተ ኣረጋይ ሕሸ
6. ኣይተ ተዘራ ኣብርሃ እንትኾኑ

ብሽም ኢድህ ድርጅት ዝሽቅጡ መጨበርበርቲ ዝኾኑ ግለ ሰባት ኣብ ዝተፋላለያ ሰሜን ኣሜሪካ ክፍላተ ሀገር ዝነብሩ ኮይኖም ብውልቃዊ ጽልኢት ግለ ሰብ ንምውንጃል ዘማሓላለፍዎ ብዕራይ ወለደ ጽሑፍ ኣምቢበ ከም ዝተረዳእኽዎ ዕለት 05-25-2007 ዓ/ም ከም ዝስዕብ ኣቕሚጦምዎ ይርከብ!ኣብ ላስቬጋስ ተራኺብና ንኽልተ ማዕልቲ ዘኣክል ስብሰባ ኣካይድና ብሰሜን ኣሜሪካ ደረጃ ተወከልቲ ንምምራጽ ስለዝነበረ ውሳነ ወሲና ከም ዝስዕብ ተቐሚጡ ይርከብ ይብሉ!!

1.ሰብሳቢ  2. ፖለቲካ መምርያ ሓላፊ 3.ዋና ጸሓፊ እቱ ስብሰባ  ተጣናቒቑ ይብል!!  ነገርግን ሓደ ዝኾነ ሓይሊ ኣኼባ ኣካይዱ መሪጹ እንተብቕዕ መሪጸ ኢሉ ክእውጅ ዘይሓፈረ ዝተመረፁ ሰባት ሽሞም ምቕማጥ (ምጥቃስ) እንታይ ከሕፍሮ ከኣለ? እዞም ኣብ ላዕሊ ካብ ሓደ ክሳብ ሽዱሽተ ተራ ቑጽሪ ተቐሚጦም ዝርከቡ ኣብዙ ከምዝይ ዝበለ ቦታ ክቕመጡ ይኽእሉ እዮም ዘይትብሎም ዓላማ ዘይብሎም እኽብካብ ግለሰባት ሓቀኛታት እንተዝኾኑ ነይሮም ብሰሜን ኣሜሪካ ደረጃ ስራሕ መካየድቲ ኮይኖም ንኽሰርሑ መሪጸም ዘቐመጥዎም ሰባት ኣስማቶም ከቕምጡ ነይርዎም!

ስለዚ እዞም ዓላማ ዘይብሎም ሰብ ከወንጅሉ እንታይ ምሕላም የሕሸና እናበሉ ዝነብሩ ተራ መጭበርበርቲ ሰባት እዚኦም ብ ግንቦት26-2007 ኣብ ላስቬጋስ ዝተወሰነ ናይ ሕሶትን ዓቕሊ ጽበትን ውሳነ ብፋክስ ቑጽሪ 251-152-3377 ኒ ኢትዮጵያ ዝተሓላለፈ ደብዳቤ ኣብ ገጽ ሓደ ተራ ቑጽሪ ክልተ (2) ከም ዝሕብሮ ዘሎ ተስፋይ ኣስገዶም ምስ ናይ ኤርትራ ተገንጣይ ብጹን ናይ ውሽጢ ሀርበኛ ኮይኑ ናይ ተገንጻሊ ብጹን ጥቕምን ልዕልናን ንምሕላው ድርጅትና ከጥፍእ ዓብይ ክሕደት ስለዝፈፀመ ካብ ድርጅትና ኣባሪርናዮ ኢና ኢሉ ብቑጽሪ ኢድህ 30/9/99 ዕለት 05-10-99 ዓ/ም ካብ ሰሜን ኣሜሪካ ላስቬጋስ ኔቫዳ ኒ ኢትዮጵያ ኢድህ እየ ዝብል ብግራዝማቸ ካሕሳይ ደሪ ዝምራሕ ናይ ዓላማን ሓደራ ህዝብን ብዘይግድስ ብሽም ኢድህ ዝሽቅጥ ከብደይ ጥራሕ ኣይጉደለንይ ኢሉ ዝተሰለፈ ናይ ሕሶት ድርጅት ዝፀሓፎም ጽሑፋት ብናይ ኢትዮጵያ ተለብዥንን ሬድዮን ክንበብ ዝሰምዕ ኢትዮጵያዊ ከይገረሞ ኣይተርፍን ዝብል ኣምነት ኣሎኒ!!

ኣነ ተስፋይ ኣስገዶም እንታይ ዓይነት መርገጽን ዓላማን ከም ዘለኒ ናይ ኢትዮጵያ ህዝቢ ጥራሕ እንተይኮነስ መንግስቲ ኢትዮጵያን ናይ ኢትዮጵያ ፖለቲካ ሓይልታት እውን ይፈልጥዎ እዮም ስለዚ ኒ ድርጅታት እኼ ከዋናብዱ እንተሞከሩ ኒ ህዝቢ ኢትዮጵያ ግና ከተዓሻሽይዎ ኣይኽእ ሉን ኣነ ናይ ምግንፃልን ኹይናት ወልዒኻ  ደም ምፍሳስን ይትረፍ ሕዚ ልዕሊ 30 ዓመት ናይ ኹይናት ጥቕሙን ጉድኣቱን ዝረኣኹስ ካብ ቀደም ጀሚረ ብጦርነት ዘላቒ ሰላምን ምርግጋዕን ከም ዘየምጽእ ናተይ እምነትን መርገጽን እዩ!! ስለዚ ካብ ድርጅትና ስለዝተባረረ ምስናይ

ኤርትራ ብዱን ኮይኑ ኒ ኢትዮጵያ ጦርነት ክእውጅ ዝደለየ ኢሎም ዘሕለፍዎ ናይ ውልቂ ጽልኢታዊ ጽሑፍ ካበኦም ዝሕሎ ስለዝኾነ ብዙሕ ኣየግርምን! ምኽንያቱ እዞም ውልቀ ሰባት ኢዚኦም ብሽም ኢድህ ደኣ የጭበርብሩ እለው እምበር ኢትዮጵያ ዲምክራቲክ ሕብረት (ኢድህ) ከም ነበር እምበር ሕዚ ከም ኣባላት ኣይትፈልጦምን! ምኽንያቱ ካብ ዝነበርዎ ዓላማ ከብድና ምሽናፍ የሕሸና ኢሎም ስለዝፈርጠጡ ናታቶም ብሽም ኢድህ ምሽቃጦም ብዙሕ ኣየግርመለይን

ዝግርመለይ ነገር እንተህለወ ግና ሓደ ናይ ብዙሕ ዓመታት ዕድመ ዘለዎምን ናይ ክቡራት ወለዶም ብዙሕ ልምድን ባህልን ህይማኖትን ሒዞም ዘዓበዩ ናይ ዕድመ በዓል ፀጋ ዝኾኑ ግራዝማቾ ካሕሳይ ደሪ ዝተብሃሉ ሓውን ወላድን ኩሉ ንጎኒ ገዲፎም ናይ ክልተ ወገናት ገብን ከይረኣዩ ኣብ ኢድህ ድርጅት ዘየለው እናሃለው ከም ዘለው ኮይኖም ዘተሓላለፍዎ ውልቂ ጽልኢታዊ ጽሑፍ ተቐቢሎም ብናይ ኢትቅጵያ ተለብዥንን ሬድዮን ከእውጁዎ ዝኽኣሉ እንታይ ክረኸቡ ስለዝደለዩ እዮም? ኣነ ብጣዕሚ ተጋግዮም በሃላይ እየ! ምኽንያቱ ናብ ናይ ኢትዮጵያ ዜና ማዕኸናት ብፎርማኦም ዝተሓላለፍዎ ጽሑፍ ከም ዝሕብሮ ዘሎ በኣቶ ተስፋይ ኣስገዶም ዝምራሕ ከሓዲ ብዱን ካብ ኣሜሪካ ኀሬቤት ኢትዮጵያ ሀገራት ግብኝዮም ኢትዮጵያ ናብ ጦርነት ንምእታው እዩ ዝብል ተቐሚጡ ይርከብ!

ግና ሓደ ዘይተረደኦም ነገር ኣነ ይኹን ካልእ ናብ ድላዩ ዓለማትን ሀገራትን ናይ ምኻድ ውልቃዊ ነፃነቱ (መሰሉ) ምኟኑ ኣቕዲሞም ክፈልጥዎ ይግብእ ወዲ ሰብ ከም ሰብ መጠን ክርኢዎ ስለዘይከኣሉ እዮም ናይ ሕሶት ደብዳቤ ተቐቢሎሎም ናብ ሕሶት ከኣትው ዝኽኣሉ እናበልኩ ንህዝቢ ኢትዮጵያን ኒ ናይ ኢትዮጵያ ናይ ፖለቲካ ሓይልታትን እዙ ካብ ላዕሊ ክሳብ መወዳእታ ተቐሚጡ ዝርከብ ናይ ውልቃዊ መፀለምታ ኣይ ወዓልክዎን ጥራሕ እንተይኮነስ ጠቕላላ መሰረተ ቪስ ምኟኑ ኩሉ ኢትዮጵያዊ ክፈልጠሏይ ከም ዘለዎ ብትሕትና እናተሓሳሰብኩ ኣነ ይትረፍ ንዛ ተወሊደ ዘዓበኹላ ኢትዮጵያ ሀገረይ ጦርነት ክምነየላ ንማንም ሀገራት ጦርነት ዘይምነ ምኟነይ እናገለጽኩ ሓንቲ ኢትዮጵያ ወይ ከዓ ሞት ግና ዘይዕጸፍ እምነትይ ምኟኑ ኹሉ ኢትዮጵያዊ ክፈልጠለይ ድልየተይ ዓብይ እዩ ይብል!!!